ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.300 | ሰንበት 16 ነሓሰ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

‘መዓልቲ ስቕታ’

ገጽ 5
ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር


ገጽ 7


ትርጉም “ሃገርን ሓድነትን” ኣብ ኢትዮጵያ

ገጽ 8
ሓይሊ ኣየር - ጋንታ ዊና ዓወት ሓፊሳ


# ከረን - ቁጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ብ16 ሚእታዊት ዓብዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን፡ ብውህደት ህዝብን መንግስትን ብዝተኻየደ ሓያል ጻዕሪ፡ ቁጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ብ16 ሚእታዊት ከምዝዓበየ፡ ብ14 ነሓሰ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ኣካዳሚያዊ ዓመት 2025/2026 ተገሊጹ።

ኣብቲ “ብዝለዓለ ዲስፕሊን፡ ንዝበረኸ ኣፍራይነት ንስራሕ” ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ምስ ዓመት-ትምህርቲ 2024/2025 ብምንጽጻር፡ ቁጽሪ ትካላት ትምህርቲ ካብ 68 ናብ 79 ክብ ከምዝበለ በሪሁ።

ሓላፊ ትካላት ትምህርቲ መምህር የሴፍ ዑቕባስላሴ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ቀንዲ ሽቶ ኣብያተ-ትምህርቲ ብኹለንትናኡ ብሉጽ ወለዶ ምህናጽ ምዃኑ ብምሕባር፡ ነዚ ክውን ንምግባር፡ መምህራንን ኩሎም ኣካላት ትምህርትን ብመሰረት ፖሊሲን መምርሒታትን ተልእኾኦም



ብብቕዓት ክፍጽሙ መሰረታዊ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንዝተመዝገበ ገሲጋስ ብዝሓየለ ምዕቃብ፡ ከምኡ’ውን ንዝተራእየ ጸገማት ኣለሊኻ መፍትሒ ብምንዳይ ንዝለዓለ ውጽኢት ምስራሕ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ’ቲ ገምጋም ከምዝኾነ ድማ ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ብወገኑ፡ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ ንዝምዝገብ ዘሎ ውጽኢት ድሕሪ ምምስጋን፡ ብቕዓት ትምህርቲ ካብ’ቲ ዘለዎ ንላዕሊ ንምምሕያሽ፡ ጺጋታት ዓቕሚ-ሰብ፡ ገንዘብ፡ ንብረትን ግዜን ብዝግባእ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ወኪል ኣመሓዳሪ



ከተማ ከረን ወ/ሮ ለተንጉስ ኣብርሃ፡ መስርሕ ምምሕያሽ ብቕዓት ትምህርቲ ኣብ እንግድዓ መምህራንን ቤት-ትምህርትን ጥራይ ዘወድቕ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ተራ ኩምን ካልኦት ኣካላትን ክሕይል ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ምምሕዳር ከተማ ዘድሊ ደገፍ ከምዝገብር ኣረጋጊጻ።

# ሰንዓፈ - ሓደጋታት ማካይን ንምክልኻል ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዓዲቐይሕን ሰንዓፈን፡ ብቕዓት ማካይን ብምርግጋጽ ሓደጋታትን ሳዕቤናቱን ንምክልኻል፡ ኣብ ዓመታዊ መርመራ መካይን - ቦሎ-ክላውዶ ዕቱብ ምቁጽጻር ይግበር ኣሎ።

ብቕዓት ዘይብላ ማኪና ንውሕስነት ተሳፈርትን ንብረትን ኣብ ሓደጋ እተውድቕ ብምዃና፡ ወነንትን መራሕትን መካይን ኣብ ጥዕና መካይኖም ወቕታዊ ተፍትሽን ጽገናን ክገብሩ፣ ኣብ ዝካየድ ዓመታዊ መርመራታት ድማ ዕቱባት ክኾኑ፡ ሞያውያን ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ህዝባዊ መጓዓዝያ ዓዲ-ቐይሕ በዓል-ሞያ ቴክኒክ ተሸከርከርቲ ኣቶ ዳዊት ጉብረኣብ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብዝግበር ዓመታዊ መርመራታት፡ ብቕዓት ዘለዋ ማኪና ኣብ ጽርግያ ክትንቀሳቐስ ፍቓድ ክወሃባ ከሎ፡ ጉድለት ዝተረኸባ ግና ክሳብ’ቲ ጉድለት ዝእረም ወይ ዝጽገን ከምዘይፍቀደላ ኣነጺሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ኣገልግሎት ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ብጹእኣምላኽ ጠዓመ ብወገኑ፡ መርመራ ቦሎ-ክላውዶ - ውሕስነተን ዘይተረጋገጸን ጥዕናአን ዘየተኣማምንን ተሸከርከርቲ ከይህልዋ ዝግበር ኣገዳሲ መደብ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ዕቱብነት ናይ ኩሉ ወገን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

መርማሪ ሓደጋ ተሸከርከርቲ ኣቶ ወልደሚካኤል ዑቕባገርግስ ብግደኡ፡ ዓመታዊ መርመራ ብቕዓት ዘይገበረት ተሸከርካሪት እንተተረኺባ፡ ብመሰረት መምርሒ ፖሊስ ትራፊክን ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን መቕጻዕቲ ከምዝውሰደላ ብምግላጽ፡ ኣብ እዋን መርመራ ብገለ መራሕቲ መካይን ዝርአ ናይ ምድንጋር ተግባራት ተወጊዱ፡ ንድሕነት ቀዳምነት ክወሃብ ኣተሓሳሲቡ።

መራሕቲ መካይን ብወገኖም፡ ጥዕና ማኪናኻ ምፍላጥን ምርግጋጽን ብሰንኪ ሓደጋ ንዝወርድ ጉድኣት ምውጋድ ስለዝኾነ፡ ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን ብዝለዓለ ክደፍኣሉ ተላብዮም።

# ማእከል - ኣብ ምውሓስ ድሕነት ትራፊክ ዝተዋፈሩ ተመሃሮ፡ ኣድማዒ ዕዮ ኣሰላሲሎም

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት ድሕነት ትራፊክ ተዋፊሮም ዝጸንሑ ተሳተፍቲ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣድማዒ ዕዮ ከምዘሰላሰሉ፡ ትማሊ 15 ነሓሰ ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ተገሊጹ።

ኣቦ-መንበር ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ኤርትራ ኣቶ እስቲፋኖስ ሃብተማርያም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ማሕበር ምስ ፖሊስ ትራፊክ ብምትሕብባር፡ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ሕብረተሰብ ዘኳይዶ ንጥፈታት ውጽኢቱ ዝምስገን ምዃኑ ብምሕባር፡ ወፉሮ ንዝዓመምዎ ስራሕ መጒሱ።


ስእሊ ዙቤር ስዒድ



ኣወሃሃድቲ ናይ’ቲ መደብ ብወገኖም፡ ተመሃሮ ኣብ ቀንዲ ጐደናታት ከተማ ኣስመራ ተዋፊሮም፡ ንዝተዋሃቦም ተልእኾ ብእሩም ስነ-ምግባር ከምዝተግበሩ መስኪሮም።

ወከልቲ ተመሃሮ ብወገኖም፡ እቲ ንሓደ ወርሒ ዝተዋፈሩሉ መደብ፡ እወታውን ኣሉታውን ጎድንታት ተጠቀምቲ ጽርግያ ብቐረባ ክፈልጡ ከምዝሓገዞም ብምጥቃስ፡ ንቐጻሊ ኣባላት ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ምዃኖም ተገንዚቦም፡ ካብኦም ዝሕተት ዘበለ ከምዝፍጽሙ ቃል ኣትዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሜጀር ሃብተ ጉብሩ፡ ተመሃሮ ንዘርኣይዎ ሓላፍነታዊ ዕማም ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣብ’ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ሞንጎ ወከልቲ ተመሃሮ ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ቀይሕ-ባሕርን ባርካን ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ክካየድ ከሎ፡ ንዕዉታት ሽልማት ተዓዲሉ።

ዜና

# ማእከል - ትሕዝቶ ባንክ ደም ንምስሳን ልዕሊ 130 ከረጺት ደም ተለጊሱ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ብምስሳን ዘይትትካእ ሂወት ንምድሓን 133 ከረጺት ደም ተለጊሱ።

ኣብ'ቲ ካብ 27 ሓምለ ክሳብ 8 ነሓሰ ዝተኻየደ ወለንታዊ ልግሲ ደም፡ ክፍሊ ማይ፡ ጨንፈር ሕግን ስርዓትን፡ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ፡ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት፡ ጨንፈር ህዝባዊ ምዝገባ፡ ጨንፈር ህዝባዊ ቤት-ንብረት ከምኡ'ውን ማሕበር ገዳይም ተጋደልቲ ብሌቃት ተሳቲፎም።

እቲ መደብ ኖቲ ኣብ እዋን ክራማት ዘጋጥም ሕጽረት ቀረብ ደም ንምምላእ ከምእተኻየደ፡ ካብ ወደብቲ ዝተረኸበ ሓበሬታ ኣነጺሩ።

ሃገራዊ ባንክ ደም ኤርትራ፡ ደቂኣንስትዮ ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ፣ ደቂተባዕትዮ ድማ ኣርባዕተ ግዜ ክልግሱ ከምዝኽእሉ ይሕብር።



# ጊንዳዕ - ንተሳተፍቲ ክረምታዊ ማእቶት ኣብ ሕጊ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ተለንት መሓመድ-ሳልሕ እስማዒል፡ ንልዕሊ ሓደ ሽሕ ተሳተፍቲ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ንቕሓቶም ኣብ ምኽልኻል ገበናት ድሕነት ጽርግያን ንምብራኽ ዝሕግዝ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ካብ 1 ክሳብ 8 ነሓሰ ኣብ ንቑጣታት ማይ-ሓባር፡ ነፋሲት፡ እምባትካላ፡ ደንገሎን ጊንዳዕን ንዝተዋፈሩ ተመሃሮ ዝሃቦ መግለጺ፡ ተለንት መሓመድ-ሳልሕ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2026 ንዝተመዝገበ ገበናትን ሓደጋታትን ምስናይ ዘስዓቦ ክሳራታት ድሕሪ ምብራህ፡ ተመሃሮ ኈ-ኈ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ብወርቃውያን ሕጋጋት ቤት-ትምህርትን ክብርታት ሕብረተሰቦምን ክመላለሱ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ጎዳእቲ ልምድታት ብሓፈሻ፡ ምኽንሻብ ደቂኣንስትዮን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ድማ ብፍላይ ንምግታእ ኣብ ዝካየድ ጎስጓሳት፡ ተራ ተመሃሮ ክዓዝዝ ተላብዩ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ካብ 6 ሓምለ ብዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ክረምታዊ ልምዓት ተመሃሮ፡ ሰፊሕ ንጥፈታት ከምእተሰላሰለ ተሓቢሩ።

ኣለይቲ ናይ'ቲ መደብ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ 85 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 189 ተመሃሮ፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣድማዒ ዕዮ ከምዝዓመሙ ብምጥቃስ፡ ዝተሰርሐ ዛላታትን ኩትሪታትን ጥቡ ዝበለት ማይ ኣብ ምዕቃብ ዓቢ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ገሊጾም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኈ-ኈ'ቲ ልምዓታዊ መደባት፡ ንቕሓት ተመሃሮ ዘበርኽ፡ ኣብ ምኽልኻል ገበናት ሚላታት ሕርሻን ዘተኰረ ኣስተምህሮታት ከምእተወደበ ብተወሳኺ ኣፍሊጡ።

# ደቀምሓረ - ሰፊሕ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ይሰላሰል ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምኽልኻልን ሰፊሕ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ይሰላሰል ኣሎ።

እቲ መደብ ኣብ ምዝላይ፡ ምስራሕ ኩትርታትን ምዅዓት ጎዳጉዲን ከምዝጠቓለለ፡ ክኢላ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣቶ ዳዊት ተኸስተ ሓቢሩ።

ሎሚ ዘበን ብሃገር ደረጃ ንመበል 28 ግዜኡ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ክረምታዊ ማእቶት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ 980 ተመሃሮ ኣብ 8 ነቑጣታት ማለት ሃዳሙ፡ መጻሉ፡ ኣምሁር፡ ትኹል፡ ጉራዕ፡ ኮርባርያ፡ ጋዴንን ማይ-ዕዳጋን ተዋፊሮም ኣለዉ።

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝወጸ ውጥን፡ 115,000 ሜትሮ ዛላታትን 4,621 ሜትሮ ኩቦ ኩትሪታትን ክስራሕ፡ ከምኡ'ውን 25,500 ንፈልስታት ዝኸውን ጎዳጉዲ ምድላው ዘጠቓለለ ክኸውን ከሎ፡ ብሰንኪ ምድንጓይ ክራማት ግን ምትካል ፈልስታት ከም'ቲ ዝድለ ከምዘይተተግበረ፡ ኣቶ ዳዊት ኣብሪሁ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ5 ነሓሰ ኣብ ሓውሲ ከተማ ማይ-ዕዳጋ ወፈራታት ምግራብ ብተመሃሮ፡ ኣባላት ሓይልታት ምኽልኻልን ህዝብን ከምእተኻየደ፡ ኣመሓዳሪ ሓውሲ ከተማ ማይ-ዕዳጋ ኣቶ ኣወልከር ዓሊ ሓቢሩ።

ቡቲ ኣብ ክልተ ገጻት ዝተሰላሰለ ዕማም፡ ልዕሊ 13 ሽሕ ፈልስታት ከምእተተኽሉ፡ ወኪል ኤሪና ኣፍሊጡ።



# ማይዓይኒ - ሕማም ዓሶ ንምኽልኻል ጻዕርታት ይካየድ

ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ኣብ ወቕቲ ክራማት ክኸሰት ዝኽእል ሕማም ዓሶ ንምቍጽጻር ዝዓለመ ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ዑናዋጦት፡ ሰርዐ፡ ቀላይ በዓልቴት፡ ሓድሽ ዓድን ሓውሲ ከተማ ማይ-ዓይኒን ኣብ ዝጥርነፉ 26 ዓድታት፡ ጸረ ጣንጡ መድሃኒት ተነጺጉ።

ቡቲ ካብ 26 ሓምለ ክሳብ 7 ነሓሰ ዝተኻየደ ወፍሪ ምንጻግ፡ 3,972 ኣባይቲ ከምእተሸፈኑ፡ ሓላፊ ህዝባዊ ጥዕና ናይ'ቲ ን/ዞባ መንእሰይ ኣኽሊሉ ስዩም ሓቢሩ።

መንእሰይ ኣኽሊሉ ኣስዒቡ፡ እቲ ዝተኻየደ ንጥፈት ኣድማዒ ውጽኢት ንኽርከቦ፡ ነበርቲ ስሩዕ ወፈራታት ብምውዳብ ከባቢኦም ብጽሬት ክሕዙን ኣብ ትሕቲ ብመድሃኒት ዝተሰበኹ ናሙስያ ክድቅሱን ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ኮማዊ ሆስፒታል ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ነርስ ተስፉ ገብረሂወት ብወገኑ፡ ወፍሪ ምንጻግ መድሃኒት ተርኡ ኣብ ምቍጽጻር ሕማም ዓሶ ልዑል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ነበርቲ ምልክት ዓሶ ምስ ዘስመዖም ተቐላጢፎም ናብ ሕክምና ክመጹ ተላብዩ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፉኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ፊያሪና |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ዶክመንት |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቁስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:35 | መደብ መዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎው ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዛንዪ

ማርታ ክብሮም

## ‘መዓልቲ ስቕታ’


© Imago/J. Christo

እዚ መዓልቲ ኣብ ወርሒ መጋቢት ኣብ ኢንዶነዥያ ኩተማ ባሊንስ እዩ ዝጽንበል። ‘ንየፒ’ ተባሂሉ ድማ ይፍለጥ። ኣብ ኢንዶነዥያ ጥራይ ዝጽንበል ህዝባዊ በዓል’ውን እዩ። ኣብዚ መዓልቲ ዝኾነ ሰብ ኣብ ጎድኑ ምስ ዘሎ ብጻዩ ከይተዘራረበ ብጽምን ብምስትንታንን የሕልፎ። ኩሉ ተሳታፊ ናይዚ ጽንብል ጻዕዳ ክዳን ብምኽዳን ካብ ሰዓት 6 ቅድሚ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 6 ድሕሪ ቀትሪ ዘሎ ግዜ ኑብሱ ይምርምር። ስለዚ ኣብዛ መዓልቲ ዝኾነ ካልእ ነገር ምግባር ክልኩል እዩ። ሓዊ ምውላዕ፡ ዝኾነ ስራሕ ምስራሕ፡ ምዝንጋዕ፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ምንቅስቓስ፡ ምዝራብ፡ ከምኡ’ውን ምብላዕ ኣይፍቀድን።

ነዛ መዓልቲ ቀጺላ ትመጽእ መዓልቲ’ውን ሓዳስ ዓመቶም እያ። ድሕሪ መደብ “ንየፒ”፡ ኣብ ኩተማ ባሊንስ ዘለዉ መንእሰያት ነታ ትመጽእ ሓዳስ ዓመት ንምቕባል “ኦመድ-ኦመዳን” ማለት ብምስዕዓም ዝጽንበል በዓል የካይዱ።

ብዘይካ’ዚ ኣብዛ መዓልቲ ምንቅስቓስ ማካይን ይኹን ካልእ ማሸናት የለን። ሬድዮ፡ ቲቪ፡ ሙዚቃ ኣይስማዕን። ኮታስ ዝግበር ምንቅስቓስ ኣዝዩ ውሑድን ውሱንን እዩ። ኣብዛ መዓልቲ ክንቀሳቐሱ ዝፍቀዶም ሰባት፡ ሱብ ዝኾነ ስራሕ ከይሰርሕ ወይ ካብ ገዛኡ ከይወጽእ ዝቆጻጸሩ ሓለውቲ ጥራይ እዮም።

ዋላ’ኳ “ንየፒ” ናይ ሂንዱ በዓል እንተኾነ፡ ኣመንቲ ሂንዱ ዘይኮኑን ወጻእተኛታትን’ውን ካብዚ ናይዛ መዓልቲ ሕጊ ናጻ ኣይኮኑን። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ድላዮም ክገብሩ ናጻ እኳ እንተኾኑ ናብ መዘናግዒ ቦታታትን ካልእ ህዝባዊ ቦታታትን ክኣትዉ ግና ኣይፍቀደምን እዩ። እቲ ኣብዛ ኩተማ ዝርከብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ከይተረፈ ኣገልግሎት ኣይህብን እዩ። ኣብ መዓልቲ ስቕታ ኣገልግሎት ኤሌክትሪክሲትን ኢንተርነትን እውን የለን። እቲ እንኮ ኣገልግሎት ዝህብ ትካል ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ሕክምና ጥራይ እዩ።

እታ ቶቕጽል መዓልቲ ‘ንገምባክ ጊ’ ተባሂላ ትፍለጥ ኮይና፡ ኩሉ ማሕበራዊ ንጥፈታት ዝጅመረላ መዓልቲ እያ። ዝተባእሱ ስድራቤትን ጎረባብትን ንሓድሕዶም ይቕረታ ድሕሪ ምትሕትታት ብሓባር ኮይኖም ሃይማኖታዊ በዓል ይጽንበሉ። ሓዊ ምውላዕ ይፍቀድ፡ ኣገልግሎት ኤሌክትሪክሲቲ ድማ ስርሑ ይጅምር። ኮታስ ኩሉ ንብር ህይወት ይጅምር።

ጽንብል “ንየፒ” ኣብ 1978 ዓመተ ምህረት እዩ ጀሚሩ። ኣቡቲ መጀመርያ፡ እዚ መደብ ካብ 3 ክሳብ 4 መዓልታት እዩ ዝቕጽል ነይሩ። ዕላማ ናይቲ ጽንብል ኣሉታዊ ነገራት ብምእላይ ምስ ፈጣሪ፡ ሰባትን ተፈጥሮን ጽቡቕ ዝምድና ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ። ቅድሚ እዚ በዓል ዘለዋ 3-4 መዓልታት ውዕወዕ መደባት እዩ ዝግበር። ኩላ እታ ኩተማ ብዝተፈላለዩ ሕብርታት ትሽለም፤ ኣብ ኩሉ ክፋል ናይታ ኩተማን ነፍሲ ወከፍ ገዛን ድማ ዓው ዝበለ ሙዚቃ ይውላዕ። እዚ ኑቶም ክፉኣት መናፍስቲ ንምስጓግ ዝብል ዕላማ ዘለዎ እዩ። ብዘይካ’ዚ ኣብቲን መዓልታት ዕትሮታት ይሰብሩን ብዝኾቐጸ ቀጽሊ ኮኮናት ተጠቒሞም ሓዊ የንድዱን። ኣብታ ኩተማ ሓዊ ኣንዲዶም ምስ ወድኡ ኣብ መቓብር ናይ ወለዶም’ውን ተመሳሳሊ ተግባር ይፍጽሙ።

ኣብ 2017 ቁጽሪ ተሳተፍቲ ናይቲ ጽንብል 22 ሽሕ በጺሑ። ካብኡ ቀጺሉ ግን ኣብቲ ጽንብል ዝሳተፉ ሰባት እናበዝሑ መጺኦም። ኣብዚ እዋን’ዚ ድማ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ኢንዶነዥያውያን ይጽንበልዎ ከምዘለዉ ይንገር።

## ካብ ጽንብላት ብጽሕና

ኣብ ጃፓን ንዝበጽሑ መንእሰያት ዝግበር ጽንብል ‘ሰጂንግ ኖ ሃይ’ ወይ መዓልቲ ብጹሓት’ ይበሃል። ጃፓናውያን ነዚ በዓል ብሓባር ዓመታዊ ኣብ 20 ጥሪ ይጽንበልዎ። ኣብዛ መዓልቲ መብዝሕትኦም ጃፓናውያን ደቂ ተባዕትዮ ባድላ ይኽደኑ። ውሑዳት ድማ ባህላዊ ክዳን ዓደም ይኽደኑ። ደቂ ኣንስትዮ ድማ ‘ፉሪሶድ’ ዝበሃል ባህላዊ ክዳን ይኽደና፣ እዚ ክዳን ዋጋኡ ኣዝዩ ክቡር ኮይኑ ካብ ወለዲ ናብ ደቆም ዝሓልፍ እዩ።

እዚ በዓል ኣብ ጃፓን ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ኮይኑ ኣብ 710-794 ዓመተ ምህረት ዝጀመረ እዩ። ኣብዚ ግዜ ድማ ሳዕለዋይ ደርቢ ጥራይ እዩም ዝጽንበልዎ ነይሮም። ድሕሪ ግዜ ግና ኣብ ኩሉ ጸፍሒ ናብ ዝርከቡ ሕብረተ ሰባት ለሓሙ። ዕላማ ናይዚ ጽምብል፡ ወለዲ ንደቆም ሓዲሽ ሓላፍነት ንኽስከምዎምን ብልጫታትን ብደሃታትን መንእሰይ ንደቆም ንኽቶኮፍልዎምን እዩ። ሎሚ ጃፓናውያን ኣብታ መዓልቲ ብጅካ እዚ ዝተጠቕሰ ነገራት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ናብ ዝርከብ ዝተፈላለየ ቦታታት ብምብጻሕ ይጽንበሉዋ።

ኣብ ብራዚል ዝነብሩ ኣባላት ቀቢላ ስተረ ማወ ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ ዕድመ ብጽሕና ኣብ ዝበጽሕሉ ግዜ፡ ብሕብረተሰቦም ከም ብጹሓት ክወሰዱ እንተ ኾይኖም ከበድን በዳህን ፈተና ክሓልፉ ይግደዱ። መራሕቲ ናይቶም ቀቢላ፡ ኑቶም ዕድመ ብጽሕና ዝበጽሑ መንእሰያት ኣብ ኣካላቶም ብዙሓት መርዛማት ጻጸ ይጉብኡሎም። መርዚ ናይቲ ጻጸ ብ30 ዕጽፊ ካብ መርዚ ንህቢ ይበርትዕ። ብዘይካ’ዚ እቲ መርዚ መልመስቲ፡ ምንፍርፋርን ምህትፍታፍን ከስዕብ ይኽእል። ስለዚ ሓደ መንከስቲ ናይ’ቲ ጻጸ ንመዓልታት ዝቕጽል ሓደገኛ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል። ኣብ መዓልቲ ጽንብል፡ ሓደ መንእሰይ ን10 ደቓይቕ ከይጠንቀቐ ኑቲ ቃንዛ ክጻወሮ ኣለዎ። ኑቲ መንከስቲ ክጻወሮ ዝኽኣለ ሱብ ‘ሱብኣይ’ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ዘይክኣለ ሱብ ግና ክሳብ ቃንዛ ናይ ምጽዋር ብቕዓት ዘጥሪ ዚ ፈተና ክደጋግሞ ኣለዎ።

ህዝቢ ማሳይ ኣብ ኬንያን ታንዛንያን ዝነብሩ ቀቢላ እዮም። ዓበይቲ ናይቶም ቀቢላ፡ ንደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ድሕሪ ምፍልላይ፡ ንደቂ ኣንስትዮ ብዓበይቲ ኣንስቲ፡ ንደቂ ተባዕትዮ ድማ ብዓበይቲ ሰብኡት ኣብ ኑብሶም ጸብ ከም ዝድፍኣሎም ይገብሩ። ካብ 9-15 ዓመት ዝዕድመኦም ደቂ ተባዕትዮ ተቓለስቲ ንምኻን ጉዕዞ ይጅምሩ። ኣብ ግዜ ጉዕዞ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ገጾም ቀይሕ ሓመድ፡ ኣብ ካልእ ክፋል ኣካሎም ድማ ጻዕዳ ሓመድ ይልክዩ። ክዳኖም ቀይሕ ኮርታ፡ ጸለም ጫማ፡ ኣብ ክሳዶም ድማ ብሕብርታት ዝጌጸ ኣዕናቑ ይጉብኡ። እዚ ድማ ንኩናት ድሉዋት ከም ዘለዉን ብጹሓት ከም ዝኾኑን ዘመልክት እዩ።

ጽንብል ኢሙራታረ ናይ ማሳይ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ብጹሓት ከም ዝኾና ዘርኢ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ሱሓቢ ስልማታት ይጉብራን ብዝተፈላለየ መመላኽዒታት ተጠቒመን ኣካለተን የጸብብቓን። እዚ ንመርዓ ድሉዋት ከም ዝኾና ዘመልክት እዩ። ብዓበይቲ ዓዲ ድማ ደርፊን ሳዕሰዒትን ይመሃራ፡ ከምኡ’ውን ኣደታት ትምህርትን ፈተናን ማዕረ ኣሓተን ደቂ ተባዕትዮ እየን ዝሰተፋ።



ኣብ ቀቢላ ኢፓቹ (ኣመራ) ዝተየድ ዕድመ ብጽሕና ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘተኮረ ኮይኑ፡ ‘ጽንብል ብራቕ ጸሓይ’ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ትሕቲ ኽቦታት ሓዳስ መክሰቲ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኢፓቹ ብቐዓተን፡ ሓይለንን ተጻዋርነተንን ምስ ኮና ኣብ ሕብረተሰበን ክንብራኦ ዘለወን ኣብርክቶ ይመሃራ።



ኣብ ደሴት ሰሜን ባፊን ዝነብሩ ህዝቢ ኢስኪሞ ናቶም ባህልን ጽንብልን የካይዱ። ኩሉ ዝዝብርዎ ጽንብላት ምስ ተፈጥሮን ልምድታት ኣቦሓጎታቶምን ዝተሓላለዘ እዩ። ደቂ ተባዕትዮ 11-12 ዓመት ምስ ገበሩ፡ ምስ ኣቦታቶም ናብ በረኻ ይኸዱ። ንደቆም ድማ ኣብቲ ብበረድ ዝተሸፈነ ኣከባቢ ከመይ ገይሮም ሃድን ከም ዘካይዱን ኑቲ በዓሊ ኩነታት ኣየር ብኸመይ ክምክትዎ ከም ዝኽእሉን ይምህርዎም። ደቂ ኣንስትዮ’ውን ኣብዚ ዘርእያሉ ፈተና ይፍትና። እዚ ጽንብል ዓመታዊ ኣብ 4 ጥሪ ዝጅምር ኮይኑ፡ ንኣርባዕተ መዓልታት ይቕጽል። ኣብተን መዓልታት፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቅድሚ እተን ዓበይቲ ዓዲ ከየቋረጸ ን12 ሰዓታት ይስዕስዓ። ኣይታት፡ ደቀን ምእንታን እቲ ፈተና ክሓልፋ ንሓደ ዓመት የዳልወአን። ኣብ ግዜ ልምምድ ድማ እተን ደቂ ኣንስትዮ ውሑድ መግቢን ውሑድ ናይ ዕረፍቲ ሰዓታትን ጥራይ እዩ ዝፍቀደለን። እዚ ናይ ኣርባዕተ መዓልታት ፈተና ዝሓለፈት ጓል ከም ብቑዕትን ምልእትን ጓል ትሕሱብን ክትምርዖ ትኽእልን።

## ካብ ሓቅታት ባህርያት ደቂ ሰብ

- ሓደ ሱብ ዚያዳ ቅኑዕ ብዝኾነ፡ ዚያዳ ምትላል ይገጥሞ።
- ኑብሰ ምትሓት ዘለዎም ሰባት ንኻልኦት ሰባት ምንቃፍ የዘውትሩ።
- ንብዓት፡ ሓደ ሱብ ኑቲ ዘጋጠሞ ስምዒት ቃንዛ ይኹን ሓጐስ ብቓላት ክገልጾ ምስ ዘይክእል ዘጋጥም እዩ።
- ሰባት ገንዘቦም ካብ ኣብ ኑብሶም ንላዕሊ ኣብ ካልእ ምስ ዘጥፍእዎ ዚያዳ ሓጐስ ይፈጥረሎም።
- ሕርቃን ባህርያዊ መከላኸሊ ናይ ቃንዛ እዩ። ስለዚ “ይጸልኣካ እየ” ክብል ከሎ፡ “ትጎድኣኒ ኣለኻ” ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ሓንጎል ነዚ ቃንዛ ክጻወሮ ኣይክእልን፡ ስለዚ ነዚ ስምዒት ናብ ቃንዛ ይቕይሮ።
- ተመራመርቲ ስነ ልቦና ከም ዝብልዎ፡ ሰባት ብባህሪና ኑቲ ዝግደሰልና ነጺግና፡ ኑቲ ዘይግደሰልና ዚያዳ ኣቓልቦ ንሁብን ንግደስን።
- ሰባት ብዛዕባ ሓደ ኣጸቢቖም ዝፈልጥዎ ወይ ዝኽእልዎ ነገር ክዛረቡ ከለዉ ዚያዳ ሰሓብቲ ይኾኑ።
- ብዘይከውን ነገር ሰቕ ኢሎም ዝስሕቑ ሰባት፡ ኣብ ውሽጦም ብሕትውና ዘለዎም እዮም።
- ጨና ኣብ ስምዒት ኣዝዩ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ። ደስ ዘዩብል ጨና ቀልጢፋ ሕማቕ ስምዒት ክፈጥር ከሎ፡ ጥዑም ሽታ ወይ ጨና ድማ ደስ ዘብልን ሕጉስ ስምዒትን ናይ ምፍጣር ሓይሊ ኣለዎ።

## ወግዒ ቀዳሞት

- ዘሎ ዝኾነር ይመስሎ፡ ዝሓለፈ ዘይነበረ ይመስል፡ ዝሞተ ዘይነበረ ይመስል።
- ገንዘብ መኣስ ይርከብ ብንእሽቶኻ፡ ዘይትሕዞ ደኣ በየናይ ልብኻ፣ ገንዘብ መዓስ ይድለ ምስ ዓበኻ፡ ዘይትእከቦ ደኣ በየናይ ሓይልኻ።
- ዘመነ ግርምቢጥ ወኻርያ ትሃድም ካብ ወጠጦ፡ ሓዊ ይሃድም ካብ ቅሚጦ፡ ላም ንኣንበሳ ትውሕጦ፡ ኣንጭዋ ንድሙ ትሕንፍጦ፡ ሓምሓም ንእምኒ ይሕንጥጦ።




# ሳዕቤናት ጸረ ባልዕ ኣብ ኣከባብን ጥዕና ሰብን

ኣቶ ሳሚኤል ምሕረትኣብ
ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መ/ማ/ኣከባብን

ዝተፈላለዩ ከሚካላትን ጐሓፋትን ኣብ ኣከባቢ ብደረጃ ዓለም ዝተፈላለዩ ጽልዋታት ብምፍጣር ኣብ ጥዕና ሰብን ኣከባብን ብዙሕ ጸገማት የስዕቡ ኣለዉ። እዚ ድማ ብደረጃ ዓለም ሓደ ካብ ዓበይቲ ብድሆታት ኣከባቢ ኮይኑ ልዑል ጠመተ ዝግበረሉ ዘሎ እዩ። ኣብ ዓለም ዘለዉ ዝተፈላለዩ ከሚካላትን ጐሓፋትን ከከም ዓይነቶምን ብዝሖምን ደረጃ መርዛምነቶምን ህላወኦምን ብኡ መጠን ዝተሓላለኸን ዝተፈላለየን ጽልዋ ይገብሩ ኣለዉ። ንሎሚ ሓደ ካብ ከሚካላት ዝኾነ፡ ሳዕቤናት ጸረ ባልዕ ኣብ ኣከባብን ጥዕና ሰብን ክንርኢ ኢና።

ምጥቃም ጸረ ባልዕ ኣብ ዘመናዊ ሕርሻ ከም ክልተ ዝበልሖ ሰፍ ብምዃን ኣብ ዕብየት ሕርሻዊ ምህርትን ብእኡ ኣቢሉ ዝረጋገጽ ውሕስነት መግብን ዓቢ እጃም ክጻወት እንከሎ፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ኣብ ኣከባብን ጥዕና ሰብን ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎ።

ጸረ ባልዓት ኣብ ጥቕሞምን ስነ-ቕመማዊ ባህሪኦምን ይፈላለዩ'የም። ዘስዕብዎ ሃሰያ ኣብ ኣከባቢ እውን ብኡ መጠን ይፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ እቶም ጽኑዓት/ኣብ ኣከባቢ ንነዊሕ ዝጸንሑ (persistent organic pollutants) ዝበሃሉ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣቃውማኦም ክሎሪን ዝበሃል ባእታ ዘለዎም፡ ብዘስዕብዎ ጥዕናዊ ጸገማት ዝጠዝሑ ብኣህጉራዊ ውዕል ስቶክሆልም ካብ ተጠቃምነት እጉዳት እዮም። እዚ ኣህጉራዊ ስምምዕ ሃገራት ብሓባር ንሓደገኛታት ኬሚካላት ካብ ተጠቃምነት ከወግደኦም ዝተገብረ ስምምዕ'ዩ። ኤርትራ እውን ኣባል ናይዚ ውዕል ኮይና፡ እዚ ውዕል ብዝጠልቦ መሰረት ግቡኣታ ኣብ ምትግባር ትርከብ። እዞም ጸረ ባልዓት ዘይከም ካልኦት ኬሚካላት ብዘለዎም ባህሪ፡ ምስ ውህደት ናይ ጠሊ፡ ኣየር፡ ጸርጊ ብርሃንን ካልእን ናብ ካልእ ሓደስቲ ሳብስታንስ ከይተቐየሩ ንነዊሕ እዋን ክጸንሑ ይኽእሉ። ኣብ ኣከባብን ኣካላት ህይወታውያንን ንነዊሕ ግዜ ብምዕቋር ድማ ዓቢ ጉድኣት የስዕቡ። ንኣብነት ሓደ ካብኣቶም ድዲት ምጥቃስ ይከኣል። እዚ ክንብል ከለና ግን ምስ ድዲት ብምንጽጻር ዓቢ ጉድኣት ከውርዱ ዝኽእሉ ከም ብዓል ኣልድሪን (Aldrin) 50 ዕጽፊ ካብ ናይ ድዲት ዝዓቢ ሳዕቤን ዘለዎም ከም ዘለዉ ክንግንዘብ የድሊ። ድዲት ብደረጃ ዓለም ሓደ ካብቶም ዝተኣገዱ ጸረባልዓት ኮይኑ ኣሎ።

ምጥቃም ጸረ ባልዕ ካብ ነዊሕ እዋን ዝጀመረ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ'ቲ መጀመርታ ደቂ ሰብ ንሓደገኛታት ባእታታት ሳልፈርን ባዚቓን ከም ጸረ ባልዕ ይጥቀሙሉ ከም ዝነበሩ ይፍለጥ። ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘበን ብፍላይ ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ግን ብዙሓት ተመራመርቲ ዝመስርሕዎም ዘበናውያን ሓደስቲ ጸረ ባልዓት ውጽኢታውያንን ሕሱራትን ምስ ምዃኖም ቀልጢፎም ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ጀመሩ። ድዲት እውን ሓደ ካብኣቶም ብምዃን ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ብብዝሒ ኣብ ምክልኻል ሕማም ኣገልጊሉ።

ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመታት ግን እቶም ጸገማት ከምዘይብሎም ክንገረሎም ዝጸንሑ ጸረ ባልዓት ድሒሩ ብዝተረጋገጸ ዝተፈላለዩ መጽናዕታዊ ጽሑፋት፡ ኣብ ጥዕና ሰብን ኣከባብን ዓቢ ጉድኣት ከምጽኡ ከም ዝኽእሉ ተረጋገጸ። ኣብ'ቲ ብ1962 ብ ራቸል ካርሶን ዝቐረበ መጽናዕታዊ ጽሑፍ "ጽምዋ ኣኼዛ" (silent spring) ፡ ድዲት ከምጽኦ ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገማትን ኣብ ምጽናት ስነ ህይወታዊ ብዙሕነትን ድሕሪ ምቅላዕ፡ ንዓለም ኣሰንባዲ ክስተት ብምዃኑ፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ክእገድ ጀመረ። ናይ ካርሶን መጽናዕቲ ኣብ ናይ ኣትክልቲ፡ እንስሳታት፡ ደቂ ሰብን ኣብ ኣካሊት/ቲሹ ናይ ምእታውን ምውህላልን ባህሪ ዘለዎም ሳብስታንስ፡ ጀነቲካዊ/ተወርሶ ኣቃውማ ናይ ህይወታውያን ክልውጦ ይኽእል'ዩ ዝበል ነበረ። ብኣተሓሳስባ ካርሶን፡ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝማዕበለ ባህሊ ናይ ስነፍልጠት፡ ምዕብላል ኣብ ልዕሊ ባህሪ ዘበገሶ ፍልስፍና'ዩ መሰረት ናይ'ቲ ብጸረባልዕ ዝመጽእ ጸገማት በሃሊት እያ። ኣብ መጽሓፉ ዘቐመጠቶ ሓሳባት ሰብኣዊ መሰል፡ ዜጋታት ኣብ ቤቶምን ከባቢኦምን ካብ ብኻልኦት ዝመጽኦም ብከላ ውሑሳት ክኾኑ ኣለዎም ዝበል ነበረ። ብተወሳኺ'ውን ብምኽንያት ኣብ ኩሉ ህይወታዊ ዘምጽኦ ጽልዋ ጸረባልዕ ካብ ምባል ጸረ ህይወታውያን ክበሃል ከም ዘለዎ ትምጉት።

ምስ ምውሳኽ ጠለብ መግቢ ዓለምና፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ተጠቃምነት ጸረ ባልዕ ብኡ መጠን እናዓበየ ይኸይድ ከም ዘሎ ውድብ ሕርሻን መግብን ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ የመልክት። ብሰንኪ'ዚ ብዝሒ ተጠቃምነት ድማ ኣብ ኣከባብን ጥዕና ሰብን ኣሉታዊ ጽልውኡ እናዓበየ ይኸይድ ከም ዘሎ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት የጽናሉ። ኣብ ምብኻል ሓመድ፡ ማይ፡ ኣየር፡ ህይወታዊ ብዙሕነትን ስርዓት መንበሮን ስርዓት ማሕድሮን እውን ዓቢ ጽልዋ ኣለዎም። ህላወ ናይ ጸረ ባልዓት ኣብ ሓመድ ምብሕጓትን ምድካይን መሬት ኣኹቲሉ ምጉዳል ምህርቲ ከስዕብ ይኽእል። ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ከም ዘረጋግጽዎ፡ ኣብ ከባቢ ቀላያትን ባሕርታትን ልዑል ተጠቃምነት ምስ ዝህሉ ካብ ባሕሪ ዝርከቡ መግብታት ተኽእሎ ህላወ ናይ ጸረ ባልዓት ከምዘለዎ ዝተፈላለዩ ክኢላታት ይሕብሩ። ከምኡ ድማ ደቂ ሰብ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ናብዞም ጸረባልዓት ምስ ዝቃልዑ፣ ሕዱር ሕማማት ከም ካንሰር፡ ምዝንባዕ ሆርሞናትን ናይ ነርቭ ጸገማትን ከማዕብሉ ይኽእሉ። ቀጺልና፡ ምትእስሳር ሳዕቤናት ጸረባልዓት ኣብ ኣከባብን፡ ሰንሰለት መግብን ብኡ ኣቢሉ ኸኣ ኣብ ጥዕና ሰብ ከመይ ከም ዝመስልን ብዝርዝር ክንርኢ ኢና፥

## ሓመድ

ጸረባልዓት ከዋህልል ምስ ዝጅምር ብኡ መንጽር ኬሚካላውን ባይሎጂካውን ትሕዝቶኡ ይመዛበል። እዚ ድማ፡ ኣብ እንስሳታትን ኣትክልትን ጉድኣት የስዕብ። ብተወሳኺ ብማይ ተባሒጉ ናብ ማያዊ ኣካላት ብምእታው፡ ብሰንሰለት መግቢ ኣቢሉ ኣብ ጥዕና ሰብ ሓደገኛ ሳዕቤን የኸትል። ከምኡ'ውን ኣብ ሓመድ ክመጽእ ዝኽእል ሳዕቤን፡ ንስነ ህይወትን ህይወታዊ ብዙሕነትን ኣብ ሓደጋ የእትዎ። ንኣብነት ኣብ ምህብታም ሓመድ ልዑል ኣስተዋጽኦ ዘለዎም ዕላማ ዘይነበሩ ባክተርያ፡ ንመስርሕ ዙረትን ለውጥን ናይ ናይትሮጅን ዘሰላስሉ፡ ብላኺማ የጥፍኦም። ስለ ዝኾነ ምድካይ መሬት ብምስዓብ፡ ልዑል ኣሉታዊ ጽልዋ ኣብ ስነ-ህወታውያን ሰብትን ስርዓት መግብን የኸትሉ። ብተመሳሳሊ ኣብ ምውሳብን ምፍራይን ኣትክልቲ ልዑል ኣበርክቶ ዘለዎም ዝተፈላለዩ ሓሳኹ፡ ከም ንህቢ ብምጥፋእ ኢኮሎጂካዊ ምዝንባዕ የኸትል። ካብኡ ሓሊፉ ቀጻሊ ምትንኻፍ ናይ ኣናህብ ምስ ብጸረ ባልዕ ዝተበከለ መሬት፡ ማይን ኣየርን፡ ንመዓር ከም ዝበክሎ ብዙሓት መጽናዕትታት የረጋግጹ። ብሓፈሻ፡ ምጥቃም ጸረ ባልዕ ንሓመድ ኣድኪዩ ኣብ ህይወታዊ ብዙሕነት ምምዝባል፡ ምጽናት፡ ምልማስ ወዘተ የኸትል። ድሕሪ ምቁራጽ ተጠቃምነት ጸረ ባልዕ እውን፡ ምስ ግዜ፡ እቲ መሬት ናብ ዝነበሮ ክምለስ ዘሎ ተኽእሎ እናጸበበ ስለ ዝኸይድ፡ ፍርያምነት ብምጉዳል፡ ኣብ መውዳእታ ምድካይ መሬት የስዕብ።

## ማያዊ ኣካል

ጸረ ባልዕ ብዘይኣገቡብ ወይ ልዕሊ ዓቐን እንተተጠቒምናሉ፡ ብመንገዲ ማያዊ ኣካል፡ ንስነ ማሕድሮ ብምብካል፡ ኣብ ሰንሰለት መግቢ ህላወኦም ከረጋግጹ ይኽእሉ። ዕልቕልቕን መስኖኣዊ ሕርሻን፡ ምኽንያት ምትሕውዋስ ኬሚካላት ምስ ውሓዚ ማይ ብምዃን፡ ንምትእትታው ሓደገኛታት ኬሚካላት ኣብ ኣከባብን ሰንሰለት መግብን የቀላጥፉ። ብተወሳኺ እቶም ብኣትክልቲ ክምጸዩ ዘይክእሉ ሓደገኛታት ጸረባልዓት፡ ብዘይ ናይ ባህሪ ምቅይያር ኣብ ሓመድ ብምጽናሕ ወይ ከኣ ናብ ካልእ ኣብ ማይ ዝሓቁ ባእታታት ብምቕያር፡ ናብ ማያዊ ኣካል ይሕወሱ። እዞም ክሓቁ ዘይክኣሉ ድማ ንጽፍሓዊ ማይ ይብክሉ። ከም ሳዕቤን እዚ ምብካል፡ ኣብ ማያዊ ኣካል ዝርከቡ ህወታውያን ክሳብ ምጽናት ዝበጽሕ ሓደጋ የጓንፎም። ብተወሳኺ'ውን እዞም ሓደገኛታት ጸረ ባልዓት ኣብ ቲሹ ናይ ኣብ ማያዊ ኣካል ዝነብሩ ሂወታውያን፡ እናተኸዘኑ ብምውህላል፡ ንስርዓት መግቢ ይብክሉ።

ብመንጽር ህሉው ኩነታትን ሓደገኛነት ጸረ ባልዕን ብምግንዛብ፡ ህላወ ጸረ ባልዕ ኣብ ማይ፡ ካብ ዝተወሰነ ትሕዝቶ ንከይሓልፍ ብዙሓት ሃገራትን ኣህጉራውያን ውድባትን ዝተፈላለዩ ሕግታትን መምርሒታትን ኣውጺኦን ይሰርሓሉ ኣለዋ። ንኣብነት ሕ.መ.ኣ ዓቐን ትሕዝቶ ጸረ ባልዕ ካብ 0.003 ሚ.ግ ኣብ ሊትሮ ንላዕሊ ኣይተፍቅድን። ከምኡ'ውን ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ካብ 0.001 ሚ.ግ ኣብ ሊትሮ ንላዕሊ ክልኩል እዩ። ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ዘውጽኦ ደረጃታት መዐቀኒ እውን፡ ትሕዝቶ ጸረ ባልዕ ኣብ ማይ፡ ካብ 0.009 ኣብ ሊትሮ ምስ ዝኸውን ምስ ዝስተ ማይ ኣየእትዎን።

## ታህዋስያን

ጽልዋ ጸረ ባልዕ ኣብቶም ኣብ ሓመድን ማይን ኣየርን ዝነብሩ ደቀቕቲ ታህዋስያን ዓቢ'ዩ። እዚ ድማ ብሰንኪ ኣብ ኣከባቢ ንነዊሕ እዋን ናይ ምጽናሕ ባህሪኦምን ብቐሊሉ ዘይእለዩ ብምዃኖምን፡ ብላኺማ ኑቶም ጠቐምቲ ዝበሃሉ ኣብ መሬት ዝርከቡን ኣብ ፍርያምነት መሬትን ምድቃቕን ምምስራሕን ሓደሽቲ ኬሚካላትን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ዘለዎም ዕላማ ዘይነበሩ ታህዋሲያንን ሓሳኹን ስለ ዘጥፍእዎም እዩ። ብዓቢኡ እዞም ደቀቕቲ ታህዋሲያን፡ ዋላ'ኳ ኣገዳሲ ቦታ ኣብ ምጥፋእ ሓደገኛታት ኬሚካላት ከም ጸረ ባልዕ እንተሃለዎም፡ ብሰንኪ መርዛም ባህሪ ናይ ጸረባልዓት ግን ኣበርክቶኦም ከይሃቡ ግዳይ ይኾኑ።

## ጥዕና ሰብ

ጸረ ባልዕ ናብ ኣካላት ሰብ ብኣፍ፡ ኣፍንጫ፡ ቆርበትን ኣቢሎም ይኣትዉ። ዝበዝሑ ግዳያት ብከላ ጸረ ባልዕ ዝኾኑ ግን፡ ብጸረባልዕ ዝተበከለ መግቢ ብምብላዕ እዮም። እቶም ብጸረ ባልዕ ዝያዳ ዝጥቅዑ ክፋል ናይ ሕብረተሰብ ህጻናት ክኾኑ እንከለዉ፡ ብሓፈሻ ግን ኣብ ዓመት ኣስታት 385 ሚልዮን ግዳያት ንጡፍ ምረዛ ጸረባልዕ ከም ዝኾኑ መጽናዕትታት የረጋግጹ። ኣብ ሕርሻ ካብ ዝዋፈሩ ህዝቢ ዓለም ዓመታዊ 44% ግዳይ ናይ ጸረባልዕ ብከላ ይኾኑ። እቲ ዝኸፍአ ሸነኽ ናይዞም ሓደገኛታት ኬሚካላት ግን፡ ሳዕቤናቶም ቀጥታዊ ዘይምዃኑ'ዩ። ብዙሓት መጽናዕትታት ከም ዘረጋግጽዎ፡ ንጸረባልዕ ዝተቓልዐ ሕብረተሰብ ንሕዱራት ሕማማት ካንሰር ብፍላይ፡ ናይ ደም ካንሰር፡ ሽኮርያ፡ ምስ ስርዓት መትኒ ዝተኣሳሰሩ ከም ሕማም ረሲዑ ምንፍርፋር፡ ስርዓት ምስትንፋስ ከም ኣዝማን ሕዱራት ናይ ሳንቡእ ጸገማትን፡ ምንቁልቋል ፍርያምነት ኣብ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ካልኦትን የስዕቡ።


ኦርጋኖ ክሎሪንን ኦርጋኖ ፎስፈይትን እቶም ዝለዓለ ናይ ምምራዝ ዓቕሚ ዘለዎም ጸረ ባልዓት ኮይኖም፡ ህላወ ናይዞም ጸረባልዓት ኣብ ኣካላት ምስዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ሕማማት ልዑል ምትእስሳር ኣለዎም።

ብብዝሕን ብጻዕቅን ተጠቃምነት ጸረ ባልዕ ንትሕዝቶ ማያዊ ኣካል፡ ምድርን ኣየርን ሓደገኛ ኮይኑ፡ ብተወሳኺ ባህርያዊ ምትእስሳር ናይዞም ስርዓተ መንበሮ፡ ምስግጋር ናይዞም ጸረባልዓት ካብ ሓደ ኣካል ናብቲ ካልእ ኣካል የቀላጥፎ። እዚ ምንቅስቓስ ናይ ማያትን ምብሕጓግ መሬትን ምንፋስ ናይ ኣየርን ንጸረ ባልዕ ክንዮ ብከላ ናይ ውሱን ከባቢ ናብ ዞባዊ ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ብከላ የሰጋግሮ። ኣብ ብዙሓት ማያዊ ኣካላት ናይ ዓለም ዝግበሩ ዘለዉ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ ድማ፡ ብከላ ኣከባቢ ብጸረባልዓት፡ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ብመንገዲ ኣፍላጋትን ወሓይዛትን እዩ።

ብጸረባልዕ ዝተበከለ ቦታታት ንምምሕያሽ፡ ክኢላታት ብዙሕ መጽናዕትታት ብምክያድ፡ መንገድታት'ኳ ሃሰዉ እንተበሉ፡ ልዑል ወጻኢታት ዝሓትትን፣ ብሰንኪ ምብታን ጸረ ባልዓት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዘለዎ ዝርግሐን ዝሓቶ ማላዊ ወጻኢታትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዘተኣብዕ ወይ ዘጉድል ኣድማዒ ዝበሃል ሜላ ኣይተረኽበን ክበሃል ይከኣል።

ጸረባልዕ ከም ኣማራጺ ኣብ እንጥቀመሉ ግዜ፡ ኣቓዲምና ኣብ ተጠቃምነት ጸረባልዓት ክግበሩ ዝግብኦም ብዙሓት ኣገባብት ክንክተል ይግባእ። እዚ ድማ መጀመርያ ኣብ ሕብረተሰብ ኣብ ኣጠቓቕማ ጸረ ባልዕ ዘሎ ፍልጠትን ንቕሓትን ክዓቢ ኣለዎ። ብወገን ክኢላታት ወይ ብቐረባ ዝከታተሉ ኣካላት ድማ ንጥቀመሎም ዓይነታት ጸረ ባልዕ ኣብ ጥዕና ሰብን ኣከባብን ትሑት ጽልዋ ዘለዎም ክኾኑ ተመራጺ ይጉብሮ። ኣብ ምዕቡል ሕርሻ ኣብ ንጥቀመሎም ድማ ብዝተኻእለ እቲ ንጥቀመሉ ጸረባልዕ ዘለዎ ሳዕቤናት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ትሑት ጽልዋ ዘሎዎ ክኸውን ይግባእ። እቲ ብዝበለጸን ብዝለዓለን ክንሰርሓሉ፡ ብቐጻሊ ጎስጓስን ቀላሕታን ክግበረሉ ዝግባእ፡ ተጠቃምነት ጸረባልዕ ብምጉዳል/ብምሕራም ኣብ ክንድኡ ዝበለጸ ኣማራጺ ባህርያዊ ጸረባልዕ ምጥቃም እዩ። እዚ ድሮ ብደረጃ ሃገር ተበጊሱ ዘሎ መደብ ብዝለዓለ ክድፈኣሉን መጽናዕቲ መሰረት ዝገበረ ክኸውንን ድማ ብዝለዓለ ክስረሓሉ ይግባእ። ብተወሳኺ እዚ መደብ ኣድማዕን ዘላቕነት ዘለዎን ንክኸውን፡ ምክትታል ክግበረሉን ኣድማዕነቱ ኣብ እዋኑ ብምግምጋም ብብዝሒ ብደረጃ ሃገር ንክንጥቀመሉን ክስራሕ ይግባእ። እዚ ድማ ነቲ ብደረጃ ሃገር እንደልዮ ባህርያዊ ሕርሻ ንምሕያል ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ።

ኣብ መደምደምታ፡ ጸረባልዓት ኣብ ጥዕና ሰብን ኣከባብን ዘለዎም ጽልዋ ቀሊል ስለ ዘይኮነ፣ ኣብ ኣጠቓቕማ፡ ኣተዓቓቕባ፡ ምጉዕዓዝን ኣወጋግዳን ልዑል ጥንቃቐ ክንገብር ናይ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ሓላፍነት ምዃኑ ክንግንዘብ ይግባእ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

4ይ ክፋል


ኣብቲ ኣብ እዋን ሰውራ ዝያዳ ኣብ ደጀናዊ ንጥፈታት ዝተሞርኮሰ 11 ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር፡ ንኽፍልታት ህዝባዊ ምምሕዳር (ጀማሂር)ን ንጥፈታቱን ከምኡ'ውን ክፍሊ ቀጠባ ብፍላይ ድማ ንኮሚሽናት ሕርሻን ፋይናንስን እንታይ ንጥፈታት ከም ዝነበሮ ርኢና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታም'ውን ካብ ክፍሊ ቀጠባ ከይወጻእና ኮሚሽናት ህንጻን መፍረ መድሃኒትን ክንድህስስ ኢና።

### ኮሚሽን ህንጻ

ቀጠባ ሃገር ንምምዕባል ክትግበሩ ካብ ለዘለዎም ዓበይቲ መደባት ሓደ ምውዳድ ትሕተ-ቅርጺ እዩ። ነዚ ብምግንዛብ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣውራ ካብ 1975 ንደሓር፡ ህንጻዊ ስራሓት ብምዕባይ፡ ሎጂስቲካዊ ቀረብትን ቁጠባዊ ንጥፈታትን ዘበራብሩ ጽርግያታት ናይ ምህናጽ ሰፊሕ ስርሓት ኣብ ርእሲ ምኽያድ፡ ዓቕሚ ህዝቢ ኣተሓሳቢሩ፡ ንሕርሻ ዘገልግሉ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሓጽብታት፡ መትረባትን ዓሞማትን ይሃንጽ ነበረ። ብሰንኪ ግፍዒታት መግዛእቲ ካብ ዓድታቱ ንዝተመዛበለ ህዝቢ ዝኸውን ኣባይቲ'ውን ኣብ መደበር ዕቑባት (ሳሕል) ብቐጻሊ ይሰርሕ ነበረ። ካብ 1975-1978 ኣብ ዝነበረ መድረኽ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ሓራ ዘውጽኦ ዓድታትን ከተማታትን፡ ቀረብ ማይ ንምርግጋጽ፡ ኣገልግሎት መራኸቢታት ንምብርባር፡ ኣብያተ ትምህርትን ሕክምናን መኻዚኖታትን ንምህናጽ መስመራት ኤልክትሪሲቲ ንምዝርጋሕ ብኹናት ዝዓነወ ኣባይትን ትካላትን ንምጽጋን ምሕዳስን ወዘተ ቡቲ ዝነበሮ ዓቕሚ ዝከኣሎ ይገብር ነበረ።


ድሕሪ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ፡ ህንጻዊ ስራሓት ማዕረ'ቲ ዘጋጠመ ብደሆ፡ ብተዓጻጻፊ ክዓቢ ዝደረኸ ኩነታት ተፈጥረ። ኑቲ ማእከል ኩሉ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ቁጠባውን ንጥፈታት ዝኾነ ደጀን ሳሕል፡ መራኸቢ መስመራት (ጽርግያታት) ብህጹጽ ክህነጻሉ እቲ ዝነበረ ወተሃደራዊ ኩነታት የገድድ ስለ ዝነበረ፡ ኣብቲ ብዘመናውያን ማሽነሪታት እኳ ጽርግያ ክትሃንጽ ኣጸጋሚ ዝኾኑ ኣኽራናት ሳሕል፡ ብቐንዱ ብጉልበት ሰብ፡ ኣፍራዛን ባዴላን ንኹሉ ግንባራትን ደጀንን ዘራኽቡ፡ ኣደንቕቲ ጽርግያታት ኣብ ሓጺር ግዜ ተሃንጹ። ናብቲ ሓራን ሓውሲ ሓራን ዝኾኑ ቦታታት ዝተኣሳሰሩ ጽርግያታት ንምዝርጋሕ'ውን ዓቢይ ጻዕሪ ተኻየደ።

እዞም ጽርግያታት እዚኣቶም፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ዓቕሚ ሰቡን ኣጽዋሩን ካብ ሓደ ግንባር ናብ ካልእ ብቕልጡፍ እናንቀሳቐሰ፡ ኑቲ ከቢድ ኩናት ብተዓጻጻፍነት ክምክቶ ዘኽእሉዎ፡ ኑቲ ብእግርን መጻዓኛን ዝካየድ ዝነበረ ዕጥቅን ስንቅን ናይ ምብጽጻሕ ኣህላኺ ጉዕዞ፡ ናብ መኪይን ዘሰጋግሩዎ ብምንባሮም፡ ኣብ ምዕባለ ናይቲ ውድብ ብሓፈሻ ኣብ ምዕባለ መጎዓዝያ ምድሪ ድማ ብፍላይ፡ ዓቢይ ግደ እዮም ተጻዊቶም። ኮሚሽን ህንጻ ንመጎዓዝያ ምድሪ ባሕሪ ዘሳልጥ ትሕተ-ቕርጺ ማለት፡ ማርሳታት ኣብ ምህናጽ'ውን ብመጠኑ ዝካይዶ ስርሓት ነይሩ እዩ።



ምዕባለ ህንጻ ካብ ኣፍራዛን ባዴላን ናብ ዶዘራት


ኣብ ርእሲ'ዚ ኣካል መጽናዕትን ምርምርን ኮሚሽን ህንጻ፡ ኣብ ማይ፡ ጽርግያን ስነ-መሬትን ዘተኮረ መጽናዕትታት፡ ምርምራትን ዳህሳሳትን ብምኽያድ ንድፈታት ብምድላውን ሓያሎ መሃንድሳዊ ዕማማት ኣሰላሰለ። ንዋት ህንጻ ንምስራሕ ዘኽእሉ ንጥረ-ነገራት'ውን ኣለልዩ ኣብ ጥቕሚ ከም ዝውዕሉ ገይሩ እዩ።



ኣብ ስንጭሮታት ሳሕል ካብ ዝሰራሕ ዝነበረ ፋብሪካታት

### ኮሚሽን መፍረ መድሃኒት

እዚ ኮሚሽን'ዚ ኣቐዲሙ ሓደ ኣሃዱ ናይ ክፍሊ ሓለዋ ጥዕና ዝነበረ ኩይኑ፡ ድሕሪ ካልኣይ ወድባዊ ጉባኤ ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ቀጠባ ዝተጠርነፈ እዩ። ቀጻሊ ኩናትን ሳዕቤናቱን፡ ደርቂ፡ ድሕረት ወዘተ፡ ኣብ ጥዕና ህዝቢ ዝነበሮ ሃሰያ ቀሊል ኣይነበረን። ብዘይካ'ዚ ኣብ ውግእ ንዝቖስሉን ውሽጣዊ ሕማም ንዘጋጠሞምን ተጋደልቲ ንምሕካም ዘድሊ ጠለብ ናይ መድሃኒት ዓቢይ እዩ ነይሩ። እዚ ኮሚሽን'ዚ ከኣ፡ ኑቲ ብናይ ወጻኢ ሸርፈ ዝመጽእ ዝነበረ ብቐጻሊ ዝሃልኽ መድሃኒታት ብውሽጣዊ ዓቕሚ ንምፍራይ ዝወሰዶ ተበግሶ፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ኣደንቕቲ ስርሓት ናይ ደጀን ነበረ። ፋብሪካ መድሃኒት ብምቛም፡ ዝተፈላለዩ ከኒናታት፡ ኢንፍዩዥን፡ ተለኪይትን ፈሳሳትን መድሃኒታት ወዘተ ኣብ ምፍራይ ዓቢይ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ።




ኣብ ዓሬርብ ተተኺላ ዝነበረት ፋብሪካ መድሃኒት

ይቕጽል...

## ካብ ሰነዳት ስእልታትና

### ከቢድ ጾር ንከቢድ ዕማም



እዞም ኣብ ስእሊ ንርእዮም ዘሎና ኣባላት፡ ወተሃደራዊ ሃንደሳ'ዮም። ንሳቶም ኣብ ልዕሊ'ቲ ዕጥቆምን ብረቶምን ብዓሰርተታት ኪሎታት ዝምዝን ካልእ ሓደገኛ ኣጽዋር ተሰኪሞም'ዮም፡ ናብቲ ሓደገኛ ቦታታት ዝምርሹ ዘለዉ። ንሳቶም ንተሸከርከርቲ ኮነ ኣእጋር ጸላኢ ክቐርስሙ ኣብ ህሮርማ ጸሓይን ኣብ ጸልማትን ንዕላማኦም ዘውፈዩ'ዮም። እቲ ተሰኪሞሞ ዝጎዓዙ ሓደገኛ ነታጉ ብምኳኑ፡ ተሰኪሞሞ ከለዉ ኣብ ዝባኖም ወይ'ውን ኣብ ግዜ ምጽዋድ ይኹን ኣብ ግዜ ምውጻእ ክፍንጀር ተኽእሎ ኣለዎ። ኣብ ብዙሕ ኢጋጥሚታት'ውን ተፈንጂሩ ህይወት ብዙሓት ጀጋኑ ሃንደሳ ወሲዱ'ዩ።

ለይቲ ብጸላም ኣብ ቅድሚ ድፋዕ ወገን ክትሓልፍን ድሕሪ መስመር ጸላኢ ኳንኳ ነታጉ ክትቀብርን ኩተውጽእን ዝነበረ ተወፋይነት ሎሚ ክትዝክሮ ቀሊል ኣይኮነን። ንኣብነት ካብቲ ብዙሕ ክልተ ኣብነት ምጥቃስ ንኽብደት ዕማም ወተ/ሃንደሳ ዝገልጻ'የን። ብዕለት 03/07/1985 ኣብ ሞንጎራዬብ ብናይ ግዝእ ርእሶም ፈንጂ 4 ጀጋኑ ተሰዊኦም። ብዕለት 31/05/1986 ድማ፡ ዓመት ኣብ ዘይመልእ እዋን ኣብ ኩር ብተመሳሳሊ ብናይ ነታጉ ሓደጋ 4 ጀጋኑ ተሰዊኦም። እዚ እቲ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሃንደሳ ዝስዕብ ዝነበረ ድርብራብ መስዋእቲ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዘገርም ኣብዘን ክልተ ዘጋጠማ ሓደጋታት ዝተሰውኡ ፈፍርቂ ካብ ክልቲኡ ጾታ ምንባሮም እዩ።

ስለዚ ተራ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ዳርጋ ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ምንባሩ፡ እዚ ህያው ምስክር'ዩ። እዚ ድማ፡ ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ኣብ ኩሉ፡ ኣብ ግንባርን ኣብ ደጀንን ተሳትፎኣን ልዑል ከም ዝነበረ ይረኣየና።

## ሕቶታት ካብ ታሪኽ ሰውራና

1. ቀዳማይ ወራር ዝነበረሉ ወርሓት ጥቐሱ፡
ሀ/ ካብ ሓምለ ክሳብ ነሓሰ 1978 ለ/ ካብ ነሓሰ ክሳብ መስከረም 1978 ሐ/ ካብ መስከረም ክሳብ ጥቅምቲ 1978

2. ካብ 12-15 ነሓሰ ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ተኸሊ ኣኼባ ገይሩ ነይሩ፡ ዓመት ምህረት ጥቐሰ፧
ሀ/ 1971 ለ/ 1972 ሐ/ 1973

3. እቲ ካብ 10-25 ነሓሰ 1969 ን15 መዓልታት ዝተኻየደ ጉባኤ ተሓኤ ኣበይ ቦታ ነይሩ፧
ሀ/ ዓረዳዩብ ለ/ ዓንሰባ ሐ/ ኣዶብሓ

4. ስርዓት ኢትዮጵያ ሰፊሕ ናይ ኣንድድ፡ ዝረፍ፡ ቅተል ዘመተ ዘካየደሉ ዓመት ጥቐሱ፡
ሀ/ 1967 ለ/ 1968 ሐ/ 1969 መ/ 1970

5. ቅድሚ ወግዓዊ ምፍራስ ፌደረሽን ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ካብ ዝወሰደቶም ስጉምትታት ሓደ ጥቐሱ፧

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ -ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

### 1. Position: Mining Operations Superintendent

**Department: Mining**
**Section: Management and Planning**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Manage the Mine Operations section, including Load and Haul, Drill and Blast, TMF Construction, Dewatering and Data Control by ensuring that all resources are in place to meet the desired outputs.
- Follow directions from the Mining Manager and Engineering Team to achieve the short- and long-term goals of the open pit Mining Department.

**Essential Functions**

- The Mining Operations Superintendent provides overall leadership, technical direction, and strategic planning for all open pit operations functions.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Oversee operational planning of Weekly, Monthly and 3 Monthly horizons.
- Understand the strategic, long term mining plans and implement short term plans to achieve the longer-term plan.
- Scheduling of Drill & Blast and Load & Haul.
- Create and manage training and succession planning
- Offer practical solutions to meet mine plans and designs.

**Manage Load and Haul, Drilling and Blasting, TMF and Data Control systems**

- Manage the operation safely
- Develop an excellent safety culture in the teams
- Drive continuous improvement of mining efficiencies
- Participate in the "36-hour plan meeting" and review production statistics against mining plan.
  - Mine Planning Engineer reviews weekly plans against actual production.
  - Review Drill & Blast plan
  - Discuss Geotechnical concerns and requirements
  - Discuss Geology requirements
  - Identify safety hazards that staff should be aware of when implanting 36-hour plan.
- Draft standard operating procedures for Drill and Blast, Load and Haul, TMF, Dewatering and Data Control Section.
- Ensure ongoing optimization of the mining operation.

**Generate reports**

- Oversee the preparation of monthly reports including drilling, blast, mining and magazine report.
- Assist in preparing Mining Operations Budget.
- Analyse daily production data to help improve productivity outcome.
- Utilizing production data to determine root causes of where production does not meet requirement.

**Manage the Operations teams**

- Implement a program of ongoing training and development to enhance skills and technology transfer for successful succession planning.
- Ensure training and mentoring plan is implemented and followed.
- Mentor and train National Senior Supervisors, Supervisors and Engineers to transfer knowledge and skills.
- Support and drive practical safety to ensure that safety standards and procedures remain the highest priority in operations.

**Unique requirements/other information**

- Strong drive on excellent safety culture
- Tough minded, strong leadership ability
- Thorough of mine planning and optimization
- Strong drive for efficiency
- The candidate must be physically and medically fit to work long rotations in a hot environment

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • A Bachelor of Engineering degree in Mining or Civil is required, along with over 10 years of experience in operations supervision or management, including a minimum of 10 years in supervisory roles within Mining Load and Haul, Drill and Blast or Mine Engineering. | • 15 years experience in large open-pit mining of which 10 years in supervision or management<br>• Ability to lead and co-ordinate a multi-disciplinary team<br>• Drilling, Blasting, Loading and Hauling experience and able to show delivery of performance. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Leadership skill in multi-disciplinary environment, Analytical skills, Project management skills, Attention to detail, Report Writing skills, Decision making skills, Planning, organising and execution skills, Understand machine capabilities and limitations, Problem solving skills, Able to read maps and plans, Able to break down Monthly plans to deliver day-to-day mining strategy, Valid Drivers License,Mining efficiency best practice knowledge. | • Excellent safety culture<br>• Strong Supervisory skills<br>• Interpersonal skills<br>• Ability to work under pressure<br>• Ability to work toward strict deadlines<br>• Assertiveness<br>• Results oriented<br>• Ability to multitask<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment<br>• Ability to mentor national workforce<br>• Ability to drive changes. |

**2. General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ርእይቶ

## ትርጉም "ሃገርን ሓድነትን" ኣብ ኢትዮጵያ

(4ይ ክፋል)

ግርማይ ወልደግዮርጊስ (መንከኒኖ)

### ኤርትራን ህዝባን ኣብ ጽውጽዋያዊ ታሪኽ ኢትዮጵያ

ኢትዮጵያዊ ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማርያም "ንምድሪ ባሕሪ ወይ መረብ ምላሽ ኤርትራ ኢሉ ዝሰየሙዎ ኢጣልያ እያ። ናይ መሬት ክልል ብወግዒ ዝወሰነት ኢጣልያ እያ። እዚ ናይ 50-60 ዓመት ታሪኽ እዚ፣ ኑቲ ንኣሽሓት ዓመታት ኤርትራ ዝተሓቝፈትሉ ታሪኽ ብክሕደት ለዊጡዎ፣" ይብል፣ - ልክዕ ከምዚ ሕጂ ብልጽግናን ሰዓብቱን ዝደርፉዎ ዘለዉ ደርፊ።

ህዝቢ ኤርትራ፣ ቅድሚ ከም ሓደ ህዝቢ ናይ ሓንቲ ሃገር ምጥርናፉን ብጣልያን ምግዛኡን ንዘተፈላለዩ ወራራትን ራሲያታትን በብከባቢኡ ክምክትን ክከላኸልን ተሳቲፉ እዩ። ቱርካውያን ብ1517 ንሰዋኪንን ምጽዋዕን ድሕሪ ምሓዞም፣ ብወኪሎም ናይብ ኣቢሎም የመሓድሩ ነበሩ። በብቐሩብ ብምስፍሕፋሕ ድማ ኣብ 1559 ንኸበሳ ደየቡ። እንተኾነ ባሕሪ ነጋሲ ይስሓቕ ድማ ኣብ ድባርዋ ገጢሙ ሰዓሮም።

ኣብ መበል 18 ክፍለዘመን ቱርካውያን ተዳኸሙ። ኣብ 1846 ግብጻውያን ንባጽዕን ሕርጊጎን ካብ ቱርኪ ተኻረዩወን። ኣብ ባጽዕ ልዕሊ 25 ዓመታት ምስ ጸንሑ፣ ንከረን ገስገሱን ሓዙዋን። ንመላእ ሰንሒት ከም ግዝኣቶም ብምእዋጅ ድማ፣ ግዝኣቶም ክሳብ ሱብደራት ዘርግሑዎ። ምስራውያን ንመታሕት ኣብ ዝሕዝሉ ዝነበሩ እዋን ድማ፣ ኣብ ከበሳ ራእሲ ወልደሚካኤል ሰሎሙን በዓል ሃዘጋ፣ ሓደ ካብቶም ዝሓየሉ ናይቲ እዋን'ቲ መሳፍንቲ ነበረ። ኣብ ትግራይ ድማ ሃጼ ዮሃንስ ነጊሱ ነበረ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ መንጎ ራእሲ ወልደሚካኤል በዓል ሃዘጋን ደግያት ሃይሉ ተወልደመድህን በዓል ጸዓዘጋን ብዙሕ ውግኣት እዩ ተኻዪዱ። ኣብ መወዳእታ ራእሲ ወልደሚካኤል ንደግያት ሃይሉ ምስ ከንቲባታቱ ስዒሩ ህቡብኡ ኣብ ከበሳ ኣውሓሰ። ድሕሪ'ዚ ራእሲ ወልደሚካኤል ንመረብ ምላሽ ብምቁጽጻር ኣንጻር ሃጼ ዮሃንስ ናይ ትግራይ መኪተ።


ኣብ 1878 ብትግራዋይ ራእሲ ባርያኡ ጉብረጻድቕ ዝምራሕ ዝነበረ ሰራዊት ሃጼ ዮሃንስ፣ ምስ ሰራዊት ራእሲ ወልደሚካኤል ኣብዚ ሕጂ ኣካል ኣስመራ ኮይኑ ዘሎ ቦታታት (ካብ ጸጸራት ክሳብ ማእከል ከተማ) ገጠሙ። ኣብቲ ውግእ ሰራዊት ራእሲ ወልደሚካኤል ንሰራዊት ራእሲ ባርያኡ መላሲ ኣውያት ዘይብሉ ሰዓሮ። ቅድሚ እዚ ውግእ እዚ፣ ደግያት ዝበሃል ዝነበረ ወልደሚካኤል ድማ "ንራእሲ ዝሰዓረ ራእሲ ይኸውን" ዝብል ቅቡል መርሓ ናይቲ እዋን'ቲ ምርኩስ ብምግባር "ራእሲ ወልደሚካኤል" ተባህለ።

ህዝቢ ከበሳ ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ማሰ ንራእሲ ወልደሚካኤል ነኣደ፣

ቀታል ባርያኡ ቀታል ኣባጋላ
ከመይ ገበርካዮም ኣብ ኣስመራ
ገበርካዮም መሳሓቕ ወኻርያ
ሓሪድካ ሂብካዮም ንኣሞራ
ጸጊብኪዶ ወኻርያ ሰምበሊ
ስጋ ሱብ ገይርኪዮ መዋዓሊ
ጸጊብኪዶ ወኻርያ ዓዲ ሰጉዶ
ጸገብ'ወ ወልዱ ዝሓረዶ
ስጋ ሱብ ጸገብ ጭማ'ቲ ብሩንዶ
ዓጽሚ ኣዳም ሰሪሐዮ ኣጉዶ
ሰኣን ኣድጊ ንማይ ባድ ዘውርዶ፣

ራእሲ ወልደሚካኤል ምሕያሉን ምጉይታቱን ንሃጼ ዮሃንስ ዓቢ ስግኣት ኮኖ። ኣብ ውግእ ክስዕሮ ከምዘይከእል ብምፍላጡ፣ ሓደ ነገር ክበላሓት ነበሮ። ንሓደ ብጉርሑ ዝተኣመነሉ ኣሉላ ዝበሃል (ቅድም ሽቃ ደሓር ራእሲ ዝኾነ) ምስ ህያባትን ውተሃደራትን ዓጂቡ፣ ንራእሲ ወልደሚካኤል ክሓብበሎ ለኣኾ።

ኣብ ነሓሰ 1879 ኣሉላ ኣብቲ ራእሲ ወልደሚካኤል ዝቐመጠሉ ዝነበረ ማይ መላጸ ዝበልዎ ቦታ፣ ከም ሓደ ተራ ገባራይ ድግድጊት ተዓጢቑ፣ ኣብ ቅድሚ ራእሲ ወልደሚካኤል ፍግም ኢሉ ኢድ




ነስአ። ቀጺሉ ምስ ብዙሕ ናይ ቅብጥሮትን መንሰን ቃላት፣ ኑቲ ብሃጼ ዮሃንስ ዝተላእከሉ ህያብ ገጸ-በረከት ኣቕረበሉ። ዘምጽኦ ጉዳይ ንኸገልጽ ካብ ራእሲ ወልደሚካኤል ፍቓድ ሓተተ። እቲ ብትሕትና ራእሲ ኣሉላን ህያባት ሃጼ ዮሃንስን ልቡ ዝተመሰጠ ወልደሚካኤል ድማ "ሕራይ ግርም ፍቓድ ሂበ ኣለኹ" በለ ጭራ የማን ጸጋም ነስነስ እናበለ ምስናይ ሓበሩ።

ኣሉላ፣ "ጎይታይ መዓረይ፣ ካብቶም ብልቢ ዝኣምንኹምን ዘኽብርኹምን ብኹብ ዝበለ ግምት ዝምልከትኹምን ሃጼ ዮሃንስ፣ ኣገዳ ባህ ዘብል ብስራት ሒዘልኩም ብምምጽኣይ ዝሰምዓኒ ደስታ ወሰን የብሉን። ጎይታይ፣ ሃጼ በቲ ንስኹም ኣብ 1875 ኣብ ውግእ ጎንድ ኣንጻር ግብጺ ተሰሊፍኩም ዝፈጸምኩዎ ጅግንነት ኣብ ዓይኒ ልቦም ተቐሪጽኩም ኢኹም ዘለኹም። ምንም'ኳ ብድሕሪኡ ብሰሪ ሓደ ክልተ ቀናኣት ኣብ መንጎ ክልተኹም ጀጋኑ ቅሩብ ናይ ምቅሕሓር መንፈስ ተፈጢሩ እንተነበረ፣ እቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ቅርሕንቲ ወይ ምቅይያም፣ ሰኣን ቅኑዓት ዓረቕቲ ፈኺም ኩብል'ኳ እንተጸንሐ ሎሚ ሃጼ ዮሃንስ ባዕሎም ከሕቕቑዎ ዓጢቖምን ቀሪጾምን ኣለዉ።

"ሃጼ ዮሃንስ፣ ኣብ ሩባ ዝነበረ ውሕጅ ይውሰዶ፣ ኣብ ኩርባ ዝነበረ ንፋስ ይውሰዶ ብዝብል ብሂል ወራዙት ኣቦታት ተተባቢያም ብንጹህ ሕልና ተዓሪቖምኹም ኣለዉ። ነዚ ንምርግጋጽ ከኣ ናይ ራእስነት መዓርግኩምን መረብ ምላሽ ግዝኣትኩምን ብዕሊ ከም ዝፈለጡልኩም ብስም ስላሴን ብስም እግዝእትነ ማርያምን እምሕለልኩም ኣለኹ" ኩብሉ መሓለ። "ስለዚ ምሉእ ዕርቂ ኮይኑ ኣብ መንጎ ክልተኹም ጎይቶት ሰላም መታን ክነግስ ንምስፍሕፋሕ ማህዳውያን ብሓባር ኳንና ክንምክት፣ ንዑናይ ንኣኽሱም ኣብ ቤተ ክርስትያን ማርያም ጽዮን ራእስነትኩም ብወግዒ ክምርቖልኩም" በሎ።

ራእሲ ወልደሚካኤል በዚ ካብ ልቢ ዝቖለ ዝመስል ሓቀኛ ዘረባን ማሕላን ኣሚኑ፣ ናብቲ ድግስ ንምስታፍ ውሕድ ዝበሉ ዓጀብቱ ሒዙ ምስ ኣሉላ ተበገሰ። ኣብ ጉረዕ ምስ በጽሑ፣ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ሃጼ ዮሃንስ ተቐበሉዎም። ንራእሲ ወልደሚካኤል ካብ ራእሲ ኣሉላ ፍልይ ኣቢሎም ኣብ ናይ ክብሪ ቦታ ከም ዘዕርፍ ድሕሪ ምግባር፣ ንእግሪ ራእሲ ወልደሚካኤል ሓጺሮም ተሳለሙዎ። ድሕሪዚ ብሚሰን ጮማን ዝቐብበ ድግስ ተጀሚሩ "ብልዑልና ስተዩልና" ኮነ። እቶም ንሃዊሕ ዝተጓዕዙ ብፍላይ ድማ ናይ ደረቕ ሚስ ልምዲ ዘይጸንሖም ዓቀይቶት ራእሲ ወልደሚካኤል፣ ብሰኽራን ዝተላዕለ ኣብ ማሰን ደርፍን ኣተዉ። ድሕሪ'ዚ፣ ነዞም ብመስተ ዝተሰነፉ ዓቀይቶት "ኣጽዋርኩም ኣብ ጽቡቕ ቦታ ከነቐምጠልኩም" ብምባል ኣከቡዎ እሞ፣ ብድሕሪ'ዚ ብምራንን መጽዓንን ኩሩንኩራት ኣሰሩዎም። ቀጺሎም ኑቲ ንኣሉላ ኣሚኑ ኣብ ሕልፍኚ ኮይኑ ሚስ ዝሰቲ ዝነበረ ራእሲ ወልደሚካኤል'ውን ኩሩንኩራት ኣሰሩዎ።

ራእሲ ወልደሚካኤል ዘይተጸበዮ ብምንባሩ "ኣንታ ምሒልካን ጥሒልካን ኣምጺእካንስ ፍሕት ከይበልና ክትጠልመኒ" ኩብል ብኣንኩሮ ተዛረቦ።

ኣሉላ ድማ "ሃሳስ! ማሕላ ንመን ቀተለ" ኩብል መለሰሉ። በዚ ኣገባብ ራእሲ ወልደሚካኤል ተኣሲሩ ኣብ ቅድሚ ሃጼ ዮሃንስ ቀረበ፣ ንዘተረፈ ዕድመኡ ኣብ ኣባ ሰላማ ዝተባህለ ቦታ ተኣሲሩ ኣብኡ ኣሓለፎን ኣብኡ ሞተን። ድሕሪ ምእሳር ራእሲ ወልደሚካኤል ከም ንብረት ባህሊ ወተሃደራት መሳፍንቲ፣ ሽሙ ከምዝጠፍኦ ንህቢ ፋሕ ብትን በሉ።

በዚ ኣርሒቕካ ዘይምሕሳብን ግርህናን ራእሲ ወልደሚካኤል ዝሰቆርቆረ ሓደ ዶግዖኛ (ኣልቃሳይ)፣

ወልደንኪኤል ኣታ በዓል ጋዶ
በዓቲ እንዳ-ቦኻ ኣየዳራሸን'ዶ
ዳዕሮ እንዳቦኻ ኣየፍርንዶ
ጨቓምጠ እንዳ'ቦኻ ኣይቀሉንዶ
ምልያ እንዳቦኻ ኣይሃዝዝንዶ
ብርኩታ እንዳቦኻ ኣይ ጎንን'ዶ
ብርኩታ እንዳቦኻ ኣይቅጫጊንዶ
ሰሱሓ እንዳቦኻ ኣይጠልንዶ
ዓጋዜን እንዳቦኻ ኣይላምንዶ
ሓርየት እንዳቦኻ ኣይሚስንዶ
ገመል እንዳቦኻ ኣይበቕልንዶ
ኣጊዛ እንዳቦኻ ኣይፈርግንዶ
ንጓና ኣሚንካ ትኸዶ
ኣብ ማእከል በረኻ ዘይትመኸዶ
ብጉራዴ ጌርካ ዘይትጎምዶ
ብምንታይ ምኽንያት ትሰዶ
ሎሚ ምስ ቀፈደካ ይሓይሽ'ዶ
ኣየ መዓት ባዕልኻ ትወልዶ
ሕሰቦሞ ባዕልኻ ፍረዶ።

እቲ ዶግዓይ ከምዚ ዝኣምሰለ ልቕሶ ክድጉዕ ዝተደረኾ፣ ራእሲ ወልደሚካኤል ንዘይተወሰነ ግዜ ኣብ ጸልማት በዓቲ ንኽእሰር በቲ ብኹናት ዘይኮነ ብተንኮል ዝሰዓሮ ሃጼ ዮሃንስ ምስ ተፈርደ፣ ኣምሳያኡ ራእሲ ኣሉላ ኣብ ኤርትራ ራእሲ ተሸይሙ፣ ከም ሳዕቤኑ ህዝቢ ኤርትራ ክከላብትን ክሳቐይን ተዓዚቡ ምስ ኣስካሕክሐ እዩ።

ምስዚ ብዝዛመድ ጸሓፊ ታሪኽ ተክለጻድቕ መኩሪያ "ናይ ሃጼ ዮሃንስ ዋንነት ክነጆ መረብ ዘሎ ይኹን ደኣምበር፣ ኣሸንኳይዶ ክንዮ መረብ (ምድሪ ኤርትራ) ክነጆ መረብ (ምድሪ ትግራይ) ዝነበሩ ደቂ ስባጋድስ፣ ወልደሰላሰ በዓል እንድርታ'ውን፣ ናይ ሃጼ ዮሃንስ መግዝእቲ ይጸልኡዎን ይቃወምዎን ነበሩ። ሃጼ ዮሃንስ ርሑቕ ዝበሉ ናይ ቤገምድር ጎጃምን ወሎን ሸዋን መሳፍንቲ ብሓይሊ መሊኹ ቅድሚ ምግባሩ (ግብሪ ከምዝኸፍሉ ምግባሩ) ከም መደብ፣ ቅድም ቀዳድም ኑቶም ኣብ ጥቓኡ በዳሂ ዝነበሩ ኤርትራዊ ራእሲ ወልደንኪኤል ክንብርክኽ ነበሮ። እንተኾነ ራእሲ ወልደንኪኤል 'እምቢ ኣይግዛእን' ብምባል ኣብ እምቢታኡ ጸንዐ። በዚ ከኣ "እምቢ'ያለ ወልዱ" እናተባህለ ይድረፈሉም ነበረ" ብምባል ይምስክር።

ቅድሚ ራእሲ ወልደንኪኤል'ውን ደጃች ሃይሉ በዓል ሮራ ሓባብ ብተመሳሳሊ ንሃጼ ቴዎድሮስ "እምቢ ኣይግብርን" ብምባል ከም ዝኣደሙ ተክለጻድቕ ብዝርዝር ኣብ ጽሑፉ ይገልጽ። ተክለጻድቕ እዞም ዝተጠቕሱ ዝርዝራት ይጽሓፍ ደኣምበር፣ ከም ባህሊ ጸሓፍቲ ኢትዮጵያ ንራእሲ ወልደንኪኤል ክብርን ዝናን ንዘይምሃብ "ኤርትራዊ ራእሲ ወልደሚካኤል ሰሎሙን፣ ኣብ ብዙሕ ውግኣት እንተላይ ኑቶም ሃጼ ዮሃንስ ሸመት ሂቡ ዘለኣኾም ኣብ ውግእ ዝሰዓሩን ብእምቢታኦም ዝፍለጡን ክሳብ 'እምቢያለ ወልዱ' ዝብል ህቡብ ዜማ ዝተዘየመሎም መራሒ እዮም ነይሮም። እንተኾነ፣ እዞም ራእሲ፣ ሓይሎም እናተዳኸመ ምስ መጽአ፣ ንልኡኽ ሃጼ ዮሃንስ ዝኾኑ ራእሲ ኣሉላ ጸዊዮም ምስ ሃጼ ዮሃንስ ኣተዓርቐኒ ብምባል ከም ዝዓረቐምዎም፣ "ድሕሪ'ዚ ግን" ይብል ንሱ " ድሕሪ'ዚ ራእሲ ኣሉላ ኣብ ልዕሊ ራእሲ ወልደሚካኤል ንኣጽዋር ዝምልከት ሽርሒ ገይሮም ብዝብል ዘቐረቦ ክሲ መሰረት ገበኛ ኮይኖም ምስ ተረኽቡ፣ ኣብ ኣባሳላማ ዝተባህለ ቦታ ንክእሰሩ የሃንስ ፈሪዱዎም፣ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ድማ ኣሪጎም ሞቱ" ኩብል የዘንቱ።

እዚ ጸሓፊ እዚ፣ ብዘይካ'ቲ ዝተጠቕሰ ዝነበዕ መግለጺ፣ ንራእሲ ወልደሚካኤል፣ ንብረት ዘብርሱ ጨካን ገይሩ ከቕርብ እንክለ፣ ኑቶም ካልኦት ነጋውስን መሳፍንትን ግን ንዘማረኹዎ ወተሃደር ዝርህርሁን ኣካል ሰራዊቶም ዝገብሩን ገይሩ ይኹሓሕሎም።

ዝበዝሑ ጸሓፍቲ ኢትዮጵያ፣ ኑቲ ራእሲ ወልደሚካኤል ዝተዓወተሉ ውግኣት፣ ሰራዊት ባርያኡን ካልኦትን ጸሓይ ብራቕ ዓይኖም እናወግኡቶም ጨሚቶም ምውቃዕ ምስ ሰኣኑ ሃንደበት ከም ዝተዓወተሎም ብምግላጽ ጽውጽዋያዊ ዛንታ ይፈጥሩ።

እዞም ናይ ሎሚ ጸሓፍቲ እውን፣ ኣሰር ጸሓፍቲ ኣያታቶም ተኸቲሎም፣ ዓወት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ልዕሊ ስርዓት ደርግ፣ ብሓገዝ ተፈጥሮ ማለት በዳሂ ኣኽራናት፣ መኮንናት ኢትዮጵያ ብዘይ ምስምምዖም፣ ሻዕብያ ግዜፍ ሓገዝ ካብ ወጻኢ ብምርካቡ - እናበሉ ከመኻንዩ ይፍትኑ። ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ዝተጓናጸፈ ብሓያል ጽንዓቱ ብስልትን ተወፋይነትን ጥበብን፣ ሰራዊቱ ሻዕብያን ምኳኑ ንምእማን ይጽገሙ። ካብዚ ዝቐረበ ትንተናታት ነቒልና፣ ጉዕዞ ኤርትራን ሃገራውነትን፣ ኣብቲ ናይ መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ናይ ስልጣን ቁርቁስን ምትንኻልን ከይተጸምደ፣ ናብኡ ገጹ'ውን ናይ ምህንዳድ ህርፋን ከይረኣየ ካብ ርእሱ ምክልኻል ዝቅል መኸተ ከም ዝማዕበለ ክስረጋገጽ ንኽእል።

ይቕጽል . . .

